## እንተዘይግህደልና ኔሩ

ሰብ ኣብ ምድሪ
ኮይኑ ሓዳጊ ገባሪ
ወርቒ እናበለ ንበይኑ
ገንዘብ እናበለ ንበይኑ
ከምቲ ዘኻንየና
ከምዘይ ወገኑ ከምዘይ ኣምሳልና፡
ንምሽጥር ፍትሓዉነቱ
ንኩላህና ፍጡራቱ
ብበረኸት ጸሓይ
ብነተንፍሶ ንፋስ
በቲ ጉብእና ማይ
ጌሩ እንተዘየግህደልና፡
ንኣምላኽ፡ ናይ ሃብታማት ምበልናዮ!
ንኣምላኽ፡ ናይ ጹጉባት ምበልናዮ!
ንኣምላኽ፡ ናይ ሓያላት ምበልናዮ!
ንሕና ድኻታት
ንሕና ቁኑዓት
ንጸሎት ምሓደግናዮ።

* *

## ዘማዊ ተናዚዙ

ንሓፍረተይ በዚሑ ዝርእዮ
ባዕለይ ኣፍሊጠዮ፡
ደጊም እንታይ ክሓፍረሉ
እንካብ ፈለጦ ኩሉ፡
ኣይደልን አዉን ክዳን
ንዕኡ ንምሽፋን፡
ጥርሐይ ክኸዉን እየ ክቕንጠጥ
ከም እንሰሳ ክቕመጥ።

## መልሓስ

ትፀግበሉ ንጥምየቱ
ትረውየሉ ንፅምኣቱ
ትህቦ ዘይናቱ፡
ትዛረብ ኣብ ክንድኡ
ትስዉሮ ንኣእምሮኡ፡
ጸላኢቱ ንሳ እንከላ
ድላያ ክትብል ዝፈቐደላ፡
ከይምሕዋ ድዩ ስኢኑላ ሓይሊ
ወይስ ጌይሩ እዩ ዓቕሊ?
ንህዝቢ እኮ መልሓስ ከቲራቶ
ጉልባቡ ከይቀልፅ ምሕላፍ ከሊኣቶ።
* *

## ፀገም ምርድዳእ

ቆልዓ ከም ቁልዕነቱ
ዓሻ እዉን ከምዕሽነቱ፡
ከኪንዲ ዝፈልጦ እናሓሰበ
በቢ ዓቕሙ እናዓገበ፡
ለባም እንከይተረፈ ዝዓበየ
ነናቱ እናናደየ፡
ካብ ዘይከምኡ ርሒቑ
ንመዘናኡ ጠቢቑ
ይቃዶ ይሳነይ
ይኸዉን ብፃይ።
ኣምሳል ምስ ኣምሳል
ይእከብ ይቓደል፡
ፅቡቕ ኣለኹ ኢሉ
ይሓስብ በቢሓንጎሉ
ንኽይረዳደአሉ።

Back to Meskot

*The views reflected in the above poems are solely of the author and are not necessarily shared by* Meskot*. You may contact Amanuel Belay for comments at* amanbelay3@yahoo.ca.